Asylum Support Partnership
help and advice

September 2012 Tigrignia

# ንሓተቲ ዑቕባ ዝወሃብ ሓገዝ ንምርካብ ምምልካት

ሓተቲ ዑቕባ ካብቲ ብመንግስቲ ዝወሃብ ሐገዛት ዝተኸልከሉ ክኾኑ ከለዉ፡ መብዛሕትኦም ሓተቲ ዑቕባ ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ኣብ ሳሕቲ እዋናንት ክሰርሑ ክፍቀደሎም ይከኣል ይኸውን፡ እንተኾነ ግን፡ ናይ ግድን ብዛዕብኡ ምኽሪ ክሓቱ ይግባእ።

እቲ ዑቕባ ናይ ምሃብ መስርሕ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ ስለዝኽእል፡ ንነብስኻ ብኸመይ ከተመሓድራ ከም ትኽእል ክትሓስብ የድልየካ። ካብቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency) (UKBA) ሓገዝ ንምርካብ ንኽተመልክት ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። UKBA ነቶም ምንም ኣታዊ ወይ ሓገዝ ዘይብሎም ሓተትቲ ዑቕባ ዝሕግዝ ናይ መንግስቲ ማሕበር እዩ። UKBA ናይ መንበሪ ኣባይቲ ሓገዝ፡ ከምእውን ንመግብን ክዳውንትን ዝኸውን ናይ ገንዘብ ሓገዛት ክቕርብ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ምስ ዘመድካን ኣዕሩኽትኻን እትነብር እንተኾንካ፡ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ ክወሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ድማ ‘subsistence support’ (ናይ መነባበሪ ሓገዝ) ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡

ባዕልኻ ንነብስኻ ከተመሓድር እንተዘይከኣልካ፡ ኣብቲ ናይ ዑቕባ ምልክታ መስርሕ ዝካየደሉ እዋን ናይ ሓተቲ ዑቕባ ሓገዝ ንኽወሃበካ ኣብ ዝኾነ ግዜ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እንተደሊኻ ዑቕባ ኣብ ትሓተሉ እዋን ነዚ ሓገዝ ክትረክብ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ፡ UKBA ድማ ግዝያዊ ዝኾነ መንበሪ ኣባይቲ ክዳልወልካ ይግባእ።

**ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ መንእሰያት፡** ትሕቲ 18 ዓመት ክምምኹንካ ብUKBA ከሚውን/ወይድማ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ተቐባልነት እንተደኣረኺብካ ከምእውን ዑቕባ ንምርካብ ባዕልኻ እንተደኣ ተመልክት ኣሎኻ ኲንካ፡ ካብ ናይ ከባቢኻ በዓል መዚ ድጋፍ ትረክብ።

## ካብUKBA ሓገዛት ንምርካብ ብቑዕ ዝኾነ መን እዩ?

ክልቲኡ ናይ ገንዘብን ናይ ኣባይትን ሓገዛት ወይ ድማ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ የድልየካ ይኸውን። ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ግን፡ ናብ UKBA ከተቕርቦም ዘሎካ ሓደሓደ መርትዖታት ኣለዉ፡ ንሳቶም ከኣ፤

- ዑቕባ ንምርካብ ከም ዘመልከትካን እቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ድማ ከምዘይተነጸገን
- ሓገዝ ወይ ኣታዊ ዘይብላካ ምኳንካ (እዚ ኸኣ ኣዝዩ ውሑድ ዝኾነ ገንዘብ ዘለካ ወይድማ ምንም ገንዘብ ወይ መንበሪ ኣባይቲ ዘይብልካ ማለት እዩ)
- ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ መጻእካ "ብዝተኻአለ መጠን ብቕልጡፍ" ዑቕባ ከምዝሓተትካ።
- ዕድመኻ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ እንተኾይኑ፡

## "ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ" ክበሃል እንከሎ እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ፈተና እዚ ንናይ መንበሪ ከምእውን ጥረ ገንዘብ ሓገዝ፡ ከምእውን ሓገዝ ጥራይ ዘመልከቱ ሰባት ይምልከት። ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ንኽወሃበካ ከተመልክት ኣብ ትደልየሉ እዋን (ኣቀዲምካ ናይ መንበሪ ኣባይትን ጥረ ገንዘብን ደገፍ ትቕበል እኳ እንተነበርካ፡ ሕጂ ግን ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ ክትቅይሮ እንተደኣ ደሊኻ) UKBA ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ግምት የእትዎም፡

- ኣብዚ ምስ መጻእካ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ዘሎ ግዜ ዑቕባ ሓቲትካ እንተደኣ ኮንካ፤



Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: PO Box 68614, London E15 9DQ United Kingdom, VAT reg no: 936 519 988

- ብዛዕባ ናብዚ ዓዲ ኣተኣታትዋኻ ዝሃብካዮ ጸብጻባት ብቑዕ እንተደኣ ኮይኑ።

ብዙሕ ግዜ UKBA "ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ" ከም ዘመልከትካ ንምፍላጥ፡ ነቲ ዑቕባ ከተመልከት ከሎኻ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ይውከሱ። UKBA ሓገዝ ንኽህቡኻ ክውስኑ እንተደኣ ዘይከኣሉ፡ ወይ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ኣየመልከትካን ኢሎም እንተደኣ ሓሲቦም፡ ግን ደሓር ንቓለ መጠይቕ ናብ ክሮይዶን, ግላስገው ወይድማ ሪቨርፑል ክትመጽእ ይጽውዑኻ። ናብ ክረይዶን ክትጓዕዝ ገንዘብ ከምዘይብልካ ን UKBA እንተደኣ ሓቢርካ፡ እቲ ቃለ መጠይቕ ኣብቲ ዘሎኻዮ ከባቢ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ከምዝኸውን ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። **ብሓቂ ሓገዝ ከምዘድልየካ ንምርኣይን ንዑቕባ ድማ "ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ" ከምዘመልከትካ ንምምስካር፡ ናብቲ ቃለመጠይቕ ክትመጽእ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ።**

እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኣብ ዝህልውሉ እዋን UKBA ሓገዛት ንኽህበካ ክኣቢ የብሉን፤

- ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ቆልዑ ዘለዎም ስድራቤት እንተደኣ ኮንካ፤
- ፍሉይ ዝኾነ ሽግራት እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ንኣብነት፡ ናይ ኣዕምሮ ወይ ኣካል ጉድለት፤ ፍሉይ ዝኾነ ሽግር እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ እቲ ናይ ከባቢኻ ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ናይ ማሕበረሰብ ዝሰርሕ ቤት ጽሕፈት፡ ነቲ ሽግርካ ኣብ ግምት ብምእታው ክምርምሮ ይኽእል እዩ። ነዚ ናይ ግምገማ ሕቶ ብናይ ምኽሪ ማሕበር ወይድማ ኣባል ናይ ስድራቤትኩም ሃገዝ ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።
- እቲ መንግስቲ ደገፍ እንተደኣ ዘይሂቡካ፡ ከምቲ ናይ ኣውሮጳ ሕብረት ሰብኣዊ መሰላት ስምምዕ (European Convention on Human Rights) መሰረት፡ ኢሰብኣዊ ዝኾነ ወይ ድማ ዘሕፍር ኩነታት ዘጋጥመካ እንተደኣ ኮይኑ። እዚ ነገር እዚ ንዓኻ ዝምልከት ሙኻኑ ንምርግጋጽ፡ ሕጋዊ ዝኾነ ምክሪ ሕተት። መብዛሕቱ ግዜ እዚ ጉዳይ እዚ ዘጋጥመሉ ናይ ዑቕባ ድጋፍ ብዘይምቕባልካ፡ ብዘይ መግቢ፣ ክዳን፣ ከምኡውን እኹል ገንዘብ ዘይብልካ ብዘይ መንበሪ ይቲ ግዳም ሓደር ምስትኸውን እዩ። እዚ እንተደኣ ዘጋጥመካ ኮይኑ ሕጋዊ ምኽሪ የድልየካ።

ካብ መጀመርታ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብሕጋዊ መንገዲ ክትነብር ጸኒሕካ፡ እንተኾነ ግና ኩነታት ሃገርካ ብምልዋጡ፡ ናይ ዑቕባ ሕቶ እንተ ኣመልኪትካ፡ ቤት ጽህፈት UKBA ነዚ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ብዝቀልጠፈ ኣብ ተግባራዊ ዝኾነ እዋን ከምዘመልከትካ ንምርግጋጽ ክጻርዮ እዩ።

## ናይ UKBA ሓገዛት ንምርካብ ብኸመይ ከመልክት እኽእል?

ኣብቲ መወዳእታ ናይዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ተጠቂሰን ዘለዋ ናይ ስደተኛታት ማሕበራት ካብ UKBA ሓገዝ ንምርካብ ብኸመይ ከምተመልከት ክሕግዛኻ ይኽእላ እየን፡፡ ከምኡውን ካልኦት ማሕበራት ከምእኒ ናይ ከባቢ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice service)፣ ወይ ድማ ጉጅለታት ስደተኛታት በዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከት ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ናይ መጠረዚ ማእከል ተኣሲርካ እንተደኣ ኣሎኻ፡ እሞ ብዋሕስ ንኽትፍታሕ እንተደኣ ተፈቂድልካ ኮይኑ፡ ካብተን ማሕበራት ሓንቲ ናብ UKBA ሓገዝ ንኽተመልከት፡ ክትሕግዘካ ትኽእል እያ።

## ናይ መንበሪ ገዛን ጥረ ገንዘብ ሓገዝን የድልየኒ እዩ

ንናይ መንበሪ ኣባይትን ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዛት ንምርካብ ኣብ ሓደ ግዜ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ናይ UKBA ሓገዝ ንምርካብ ብቑዕ ምዃንካን ዘይሙኻንካን ንምፍላጥ ኣብ እትጽበየሉ እዋን፡ መንበሪ ፍጹም ዘይብልካ እንተደኣ ኰንካ፡ UKBA ዑቕባ ምስ ሓተትካ፡ ኣብ ናይ መላለዪ ማእከል ወይ ድማ ንመጻንሒ ዝኸውን መንበሪ ኣባይቲ ክጽንሓካ እዩ። እዚ ናይ መጀመርያ መላለዩ መንበሪ ዝበሃል ቦታ፡ ሓተቲ ዑቕባ ንሓጺር እዋን ናይ መንበሪ፡ መግብን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝረኽብሉ ቦታ እዩ።

**UKBA** መንበሪ ገዛ ክህበኒ ምስ ዝሰማማዕ
UKBA ሓገዝ ንኽትረክብ ብቑዓት ኣሎካ ኢሉ ምስ ዝውስን፡ ናብ ካልእ ኣባይቲ፡ ማለት ብዙሕ ግዜ ካብ ለንደንን ከምኡውን ደቡባዊ ምብራቕ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ዝኾኑ ቦታታት ከምትግዕዝ ይገብሩ። እዚ ኣሰራርሓ እዚ UKBA ምውዛዕ ኢሉ ይጽውዖ። እዚ ትውዛዓሉ መንበሪ ገዛ ብዙሕ ግዜ ኣብ ከባቢ እቲ ናይ መጀመርያ መንበሪ ገዛኻ ይኸውን። UKBA ናበይ ከም ዝሰደካ ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ እንተኾነ ግን ናትካ ናይ ግሊ ኩነታትን ኣካላዊ ብቕዓትካ ኣብ ግምት የእትዉ እዮም። ናብቲ UKBA ዘዳለወልካ መንበሪ ኣባይቲ ቅድሚ ምግዓዝካ፡ ኣበይ ክትነብር ከምዝኾንካን፣ ብኸመይ ናብኡ ከምትጓዓዝ፣ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ብኸመይ ክትረክብ ከምትኽእል፣ ከምኡውን ኣብቲ ሓዲሽ መንበሪ ቦታኻ ዝኾነ ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙካ ናብ መን ከተመልክት ከምዘሎካ ዝገልጽ ሓበሬታ ክትወሃብ ኢኻ። UKBA ናይ ምግዓዝካ ኩነታት የዳሉ ከምኡውን ንኽትግዕዝ ዘድለየካ ወጻኢታት ይሽፍን።

**እንታይ ዓይነት ናይ መንበሪ ገዛ ክወሃበኒ ይኽእል?**
ኣብ መብዛሕትኡ እዋናት ቤት ጽሕፈት UKBA ናብ ብሓባር ትነብረሉ ገዛ ወይ ኣፓርታማ ይልእኸካ። ነዚ ከምዚ ዝበለ ቦታታት ዝውንኑ ሰባት ወነንቲ ኣባይቲ ተባሂሎም ይጽውዑ። ናይ መደቀሲ ነገራት፡ ኣደለይቲ ኣቕሑ ክሽነ ከቕርቡልካን ኣብቲ ከበባቢ ዝርከቡ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ብኸመይ ከምትረክብ ክሕብሩኻን እዮም። ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ዶክተር ወይ ቤት ትምህርቲ/ኮሌጅ ከምትረክብ ድማ የረጋግጹ። እቲ ወናኒ ናይቲ እትነብረሉ ገዛ፡ ድማ እቲ መንበሪ ብደንቢ ከምተጸገና ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ንትነብረሉ ዘለኻ ገዛ ወይ ድማ ኣብ ከባቢካ ዝርከብ ኣገልግሎት ብዝምልከት ዝኾነ ዓይነት ሕቶ ምስ ዝህልወካ፡ ምስ እዚ ዋና ገዛ ወይድማ ምስ ከባቢኻ ዝርከብቤት ጽሕፈት ናይ ምኽርን ኣገልግሎትን (One Stop Service) ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። ምስ ዘይትፈልጦ ሰብ ብሓባር ክትነብር ከምእትሕተት ድማ ክትግንዘቦ ይግባእ።

**ኣብ ናይ UKBA መንበሪ ኣባይቲ ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል** ከጸንሕ **እኽእል?**
UKBA ንኽትንቀሳቐስ ፍቓድ እንተደኣ ዘይሃቡኻ፡ ኣብቲ ዘዳለውልካ መንበሪ ንኽትጸንሕ ይደልየካ። ብዘይ ፍቓድ መንበሪ ገዛኻ ገዲፍካ እንተደኣ ኬድካ፡ UKBA ነቲ ዝህበካ ሓገዛትን መንበሪ ኣባይትን ኩሉ ከቋርጾ ይኽእል እዩ። ካብ ናይ UKBA መንበሪ ኣባይቲ ወጺኢካ ምስ ካልእ ሰብ ክትነብር እንተደኣ መሪጽካ፡ ብዛዕባኡ ንUKBA ክትሕብር ይግበኣካ። UKBA ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ብዝምልከት ውሳኔ ክሳብ ዝህብ ኣብቲ መንበሪ ኣባይቲ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ። UKBA ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ፣ ክትወሃብ እንተደኣ ኣፍቂዱልካ፡ እቲ እትረኽቦ ሓገዛት ድሕሪ 28 መዓልታት የቋርጽ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ካብቲ ቦታ ክትወጽእ ኣሎካ ማለት እዩ።

**ይግባይ እንተደኣ ኢለ፡ UKBA ሓገዛት ይህበኒዶ?**
እወ። ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ዑቕባ ምልክታ UKBA እንተደኣ ነጺግዎ እሞ ኣብቲ ዝግባእ ግዜ ገደብ ውሽጢ እንተደኣ ይግባይ ኣቕሪብካ፡ ኣብቲ ዝነበርካዮ መንበሪ ምንባር ክትቕጽል፡ ከምእውን ሐገዛትካ ምቕባል ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ።

**እቲ ዘቕረብክዎ ናይ ይግባይ ሕቶ እንተደኣ ተነጺጉ UKBA ሓገዛቱ ይህበኒዶ?**
ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ጽግዕተኛታት ደቂ ምስዝህልዉኻ፡ እቲ ናይ ይግባይ ሕቶኻ እኳ እንተተነጸገ፤ እቲ እትረኽቦ ዝነበርካ ሓገዛት ግና ይቕጽል።

ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ጽግዕተኛታት ደቂ እንተደኣ ዘይብልካ እሞ ደጊም ይህባኝ ናይ ምባል መሰላት እንተደኣ ዘይብልካ ኮይኑ ግና፡ ካብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ዝተነጸገሉ ግዜ ጀሚሩ ድሕሪ 21 መዓልታት UKBA ነቲ ሓገዛት የቋርጾ።

እንተኾነ ግን ንሓገዛት ክፋል ቁጽሪ 4 (Section 4 support) ከተመልክት ትክእል ኢኻ። ብኽብረትኩም ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ www.refugeecouncil.org.uk ኣብ ክፋል ናይ ስደተኛታት ሓገዝ ሕብረት (Asylum Support Partnership) ዝብል ኣርዕስቲ ዝርከብ "ምንም ሓገዝ ወይ ኣታዊ ዘይብልካ ከምእውን፡ ኣብ መወዳእታ እቲ መስርሕ ናይ ዑቕባ ምልክታኻ ዲኻ ዘሎኻ?" ዝብል ወይ ድማ ኣብ ስኮትላድ ትነብር እንተደኣኮንካ ድማ ኣብቲ ቤት ምክሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ወይድማ "ንሓገዛት ክፋል ቁጽሪ 4 ' ዝብል ሓጺር ጽሑፍ ተመልከቱ። እቲ ናይ ሕጊ ኣማኻሪኹም ወይድማ ናይ ስደተኛ ማሕበር ነዚ ሕቶዚ ከተመልክቱ ክተሓባበረኩም ይኽእል እዩ።

## ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ የድልየኒ እዩ

ኣብ ዝኾነ ካልእ ትነብረሉ መንበሪ ገዛ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ንኣብነት ምስ የዕሩኽትኻ ከምኡውን ኣዝማድካ፡ ንናይ UKBA ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ቤት ጽሕፈት UKBA ንሕቶኻ ክርእዮ ብዙሕ ሰሙናት ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብዚ እዋን ድማ ምንም ዓይነት ሓገዝ ኣይወሃብን እዩ። UKBA ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ክህበካ እንተደኣ ተሰማሚዑ፡እዞም ዝስዕቡ ነገራት ክፍጸሙ ኣለዎም፤

1. UKBA ንናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ብቑዕ ሙኻንካ ዝገልጽ ደብዳቤ ይሰደልካ።
2. ንግዚኡ ዝኸውን ንናይ መጀመሪ ሓገዝ መግለጺ ዝበሃል ግዜያዊ ዝኾነ ቫውቸር፡ ይህቡኻ። ንሓጺር ግዜ ጥራይ ደማ የገልግሉ። ኣብቲ ፖስታ ቤት ብምኻድ ናብ ጥረ ገንዘብ ከተቕይሮም ትኽእል ኢኻ።
3. ናይ ምልከታ መመዝገቢ ካርድ (Application Registration Card - ARC) እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዝተወሰነልካ ፖስታ ቤት ብምኻድ ነቲ ካርድ ኣርኢኻ እቲ ሙዱብ ክፍሊትካ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ከምእውን ነቲ ክፍሊት ዘፍቕድ Sodexo ዝበሃል ካምፓኒ ናበየናይ ፖስታ ቤት ክትከይድ ከምዘሎካ ዝሕብር ደብዳበ ክሰደልካ እዩ።

ነቲ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝካ ዝምልከት ዝኾነ ሕቶ እንተደኣ ኣሎካ ወይ ድማ ዝኾነ ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙካ፡ ናብ ናይ UKBA ናይ ሓገዝ መስመር ሓበሬታ ኣብ **0845 602 1739** ክትድውል ኣሎካ። ወይ ድማ ናብ ዝቀርበካ ቤት ጽሕፈት ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎት ብምኻድ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ንኹሎም ክልቲኡ ናይ ገንዘብን መንበሪ ገዛ ሓገዝ ዝረኽቡ ሰባት እውን ዝምልከት ምኻኑ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ።

**ነቲ ዝተወሃበኒ ናይ ገንዘብ ተሸራፊ ሓገዝ ወይ ናይ ARC ካርደይ እንተደኣ ኣጥፊአዮ፡ እንታይ ይኸውን?**
እቲ ዝተወሃበካ ተሸራፊ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ወይ ድማ ARC እንተደኣ ኣጥፊኢካዮ፡ ወይድማ ዝኾነ ሰብ እንተደኣ ሰሪቑካ፡ ካልእ ሓድሽ ተሸራፊ ቲኬት ወይ ድማ ARC ንኽወሃበካ፡ ምጥፍኡ ናብ ፖሊስ ከተመልክት ኣሎካ። ናይ ፖሊስ ሪፖርት ብጽሑፍ መልክዕ፡ ከምኣውን ናይቲ ገበን ቁጽሪ፣ ሽም ናይቲ በዓል መዚ ፖሊስን ከምእውን ሽም ናይቲ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ከተቕርብ ኣሎካ። ነቲ ናይ ፖሊስ ሪፖርት ናብ UKBA ኣብ ቁጽሪ **020 8633 0653/0870 336 9233** ፋክስ ክትገብሮ ወይድማ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ሓገዝን ምክርን ኣገልግሎት ተወከሶ።

እቲ ክፍሊትካ እትቕበለሉ ፖስታ ቤት ክትቕይሮ እንተደኣ ደሊካ ወይድማ ARC ተጠቂምካ ክፍሊትካ ንኽትረክብ ጸገማት እንተደኣ ዘጋጥመካ ኮይኑ፡ ናብ ናይ Sodexo ናይ ሓገዝ መስመር ተሌፎን መስመር **01276 687 099** ክትድውል ይግበኣካ። ቋንቋ እንግሊዘኛ ዘይትዛረብ እንተደኣ ኮንካ፡ ቴሌፎን ንምድዋል ዝሕግዘካ ኣተርጓሚ ከቕርቡልካ ወይድማ ንኣዕሩኽትኻ ክሕግዙኻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

### ኩነታተይ ምስ ዝቕየር ከ

ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ እንተደኣ ትቕበል ኔርካ እሞ፡ ኩነታትካ ተቐይሩስ መንበሪ ኣባይቲ እውን እንተደኣ ኣድሊዩካ፡ ኣብ ዳሕረዋይ ደረጃ ንናይ መንበሪ ኣባይቲ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። በዚ ጉዳይ እዚ ክተሓባበሩኻ ዝኽእሉ ኣብ ጥቓኻ ንዝርከቡ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ንኽሕግዙኻ ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ።

## UKBA ክህበኒ ዝኽእል ካልእ ዓይነት ሓገዝ'ከ እንታይ ኣሎ?

### ናይ ሓራሳት ክፍሊት

ንሓዲሽ ዝተወልደ ህጻን ካብ UKBA ናይ ወላዳት ሓገዝ ንምርካብ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ብሓደ ግዜ ዝወሃብ ክፍሊት ኮይኑ ናይ £300 ዝሽረፍ ቲኬት እዩ። ነዚ ንምምልካት፡ እቲ ህጻን ቅድሚ ምውላዱ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ወይድማ ድሕሪ ምውላዱ ካብ ክልተ ሰሙን ኣብ ዘይነውሕ ግዜ፡ ብጽሑፍ ከተመልክት ኣሎካ፡፡ ናይቲ ዝውለድ ቆልዓ፡ ክውለደሉ ዝግብኦ መዓልቲ ብጽሑፍ መረጋገጺ ወይድማ ናይቲ ዝተወልደ ቆልዓ ሙሉእ ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቐት ከተቕርብ ኣሎካ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ቅድሚ ምእታዎም ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ወይ ድማ ካብኡ ዝውሕድ ግዜ ዝተወልዱ ህጻናት እውን ናይ ወላድ ኣደ ክፍሊት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዓይነት ናይ ክፍሊ 4 ተጠቒሱ ዘሎ ሓገዝ ዝቕበሉ ክሳብ ናይ £250 ቶከን ጥራይ ከምዝፍቀደሎም ከተስተውዕሉ ይግባእ።

### ንጥኑሳት ኣንስቲ ወይድማ ቆልዑ ዝወሃብ ክፍሊት

ካብ UKBA ሓገዛት ዝቕበላ ጥኑሳት ኣንስቲ ከምእውን ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘለዎም ስድራቤታት፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ UKBA ዝወሃብዎ ክፍሊት እንደገና ተወሳኺ ናይ £3 ሓገዝ ክወስዱ ብቑዓት እዮም። ትሕቲ ሓደ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ድማ ተወሳኺ ናይ £5 ኣብ ሰሙን ሓገዝ ይወሃቦም። እዚ ዓይነት ክፍሊት'ዚ ነቶም ኣብ ክፍሊ 4 ተጠቒሱ ዘሎ ሓገዝ ዝቕበሉ እውን ዘጠቓልል እዩ።

### ናይ  ዑቕባ ከምእውን ናይ ይግባይ ቃለመጠይቅ ንኽትገብር ዝግበር ጉዕዞ

ሓገዝ እንተደኣ ትወስድ ኮንካ፡ ናይ መገሻኻ ወጻኢታት ከምእውን ናይ ይግባይ ቃለመጠይቅ ወጻኢታትካ UKBA ክኸፍሎ እዩ፡፡ ናይ ጉዕዞኻ ወጻኢታት ንኽኽፈለልካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ብዝምልከት እቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎት ክሕግዘካ ይክእል እዩ።

## ካልኦት ሓበሬታታት

### UKBA ንኽይሕግዘኒ ወይድማ ነዚ ዝህበኒ ሓገዛት ከምዘቋርጾ እንተደኣ ነጊሩኒ'ኸ?

UKBA ሓገዛት ንኽህበካ እንተደኣ ዘይደለየ፡ ንኻልእ መንጎኛ ወይ ዳኛ ይግባይ ክትብል መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ይግባይ ምልክታ ውሳኔ ኣብ ትጽበየሉ እዋን ዝኾነ ይኹን ሓገዝ ካብ UKBA ክትቅበል ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ምኽንያት ናይ ሓገዝ ምቑራጽ "ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ" ናይ ዑቕባ ሕቶ ዘይምቕራብ እንተደኣ ኮይኑ ግና ናይ እንደገና ናይ ይግባይ ሕቶ ናይ ምቕራብ መሰል የብልካን።

እንተኾነ ግና፡ ሓግዝ እንዳተቐበልካ ከለኻ UKBA እቲ ሓገዝ ደው ከብሎ እንተ ሓቢርካ፡ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ይህልወካ ከምእውን ኣብቲ ናይ ይግባይ ግዜ እቲ ዝወሃበካ ሓገዝ ይቕጽል እዩ። ንዝያዳ ሓበረታ ብዛዕባ ይግባይ ምሕታት እቲ ናይ ዑቕባ ሓገዝ ናይ ይግባይ ፕሮጀክት (Asylum Support Appeals Project) ኣብል ፋክትሽት ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ተመልከቱ፡ www.asaproject.org.uk.

### ክገይሽ እኽእል ድየ?

ኣብ ውሽጢ ዓዲ እንግሊዝ (UK) ክትገይሽ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ናይ UKBA መንበሪ ኣባይቲ እንተደኣ ትቕመጥ ኮንካ፡ ብተኸታታሊ ካብ ሸውዓተ መዓልትን ለይትን ዘይነውሕ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ናይ ሹድሽተ ኣዋርሕ ዘሎ እዋን ናይ 14 መዓልትን ለይትን ጥራይ እዩ ዝፍቀደልካ። ክትገይሽ እንተደኣ ትሓስብ ኣሎኻ ኮንካ ነቲ ዘካርየካ በዓል ገዛ ክትሕብሮ ይግበኣካ። ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ እንተደኣ ገሽካ፡ እቲ UKBA ነቲ ዘአተኻዮ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ክስሕቦ እዩ።

### ናይቲ ዘመልከትክዎ ናይ ዑቕባ ሕቶ ውሳኔ እንዳተጸበኹ ከለኹ፡ ክሰርሕ እኽእል ዶ?

ከም ሓታቲ ዑቕባ መሰረት፡ ብዙሕ ግዜ ክትሰርሕ ኣይፍቀደልካን እዩ። እንተኾነ ግን፡ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶካ ናይ መጀመርያ መልሲ ንምርካብ ልእሊ ሓደ ዓመት እንተደኣ ተጸቢኻ፡ ናይ ስራሕ ፍቓድ ወረቐት ክወሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ብዝምልከት እቲ ናይ ሕጊ ኣማኻሪኻ ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ብፍቓድካ ብዘይ ክፍሊት ዝስራሕ ስራሕ ንኽሰርሕ ከመልክት ይኽአል እዩ፤ እዚ ድማ ሓዲሽ ተሞክሮ ንምጥራይ ዝጠቅም ጽቡቕ መንገዲ እዩ። እዚ ዓይነት ስራሕ ድማ ናይ ብሓቂ ብናጻ ኮይኑ ብዘይ ክፍሊት ዝስራሕ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ናጻ ስራሕ እንተደኣ ትሰርሕ ኣሎኻ ኮንካ፡ ብዙሕ ግዜ ናይ መጎዓዝን ምሳሕን ወጻኢታት ይሽፈነልካ እዩ።

**ኣገዳሲ ምልክታ፡**
ኩነታትካ እንተደኣ ተቐይሩ፡ ንኣብነት፡ ቤተሰብ እንተደኣ መጺአሙኻ፣ ወይ ኣድራሻ እንተደኣ ቀይርካ፣ ወይ ንናይ ሓራሳት ክፍሊት ከተመልከት እንተደኣ ወሲንካ፣ ብዝተኻአለ መጠን ቅድሚ ምፍጻሙ ንUKBA ክትሕብሮ ኣሎካ። እዚ ድማ ኣብቲ ናትካ ናይ ዕቕባ ሕቶ ከምዝኣተዉ ወይድማ ናይ ውልቀም ሕቶ ዕቕባ ከምዘቕርቡ እንተዘይጌርካ እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ከይረኽቡ ብቑዓት ከይኮኑ ይኽእሉ እዮም። ኩነታትካ ብኸመይ ከም ዝተቀየረ ንUKBA ደብዳቤ ብምጽሓፍ ክትሕብሮ ኣሎካ፡ ብኽብረትካ ናይቲ ዝሰደድካዮ ደብዳቤ ቅዳሕ ምሳኻ ሓዝ። ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሱ ናይ ስደተኛታት ማህበራት፡ እታ ናባኻ ዝቐረበት ማሕበር ክትሕግዘካ ኣሎዋ።

## ናይ ሓገዝን ምኽርን ምንጭታት

ናይ ስደተኛታት ኤጀንትታት ከምኒ ማዕከል ምንጪ ተፈላለዩ ባህልታት (Multi-Cultural Resource Centre)፡ ኣገልግሎት ስደተኛታት ሰሜናዊ ዓዲ እንግሊዝ (North of England Refugee Service)፡ ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action)፡ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council) ከምእውን ናይ ዌልሽ ምኽሪ ስደተኛታት (Welsh Refugee Council) እቶም ንሓተቲ ዑቕባ ሓገዝን ምኽርን ዝህቡ ቀንዲ ማሕበራት እዮም፡፡ ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ብምርዳአን ኣኽብሮትን ክተሓዙ ኣለዎም ኢሎም ድማ ይኣምኑ። እዞም ማሕበራት እዚኣቶም ብዛእባ መንበሪ ኣባይቲ፣ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዛት፣ ዑቕባ፣ ጥዕና ከምእውን ካልእ ጉዳያት ብዝምልከት በቲ ኣብ መላእ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዞባታት ዝህብዎ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት ኣቢሎም፡ ምኽርን ሓበሬታትን ይህቡ። ርእሶም ዝኸኣሉን ካብ መንግስቲ ድማ ዝተፈለዩን እዮም። ኣባላት ሰራሕተኛታት ናይዘን ማሕበራት እዚኣተን፡ በቲ እትደልዮ መንገዲ መሰረት ዝበለጸ ምኽሪ ይህቡኻ። እንተኾነ ግን ክትግንዘቦ ዘሎካ ነገር፡ ጉዳይካ ብዝምልከት ብክፍሊ መንግስቲ ንዝንተዋህበ ውሳኔ ክቕይርዎ ኣይክሉን እዮም። ካልኦት ማሕበራት ከምኒ ዝተፈላልየ ናይ ኣገልግሎት ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ፣ ናይ ከባቢ ኣማኽርቲ ወይድማ ጉጅለ ስደተኛታት ዝኣመሰሉ እውን ናጻ ምኽርን ሓበሬታን ይህቡ እዮም።

**Multi-Cultural Resource Centre (Northern Ireland)**
Tel: 02890 238 645
www.mcrc-ni.org

**North of England Refugee Service Head Office (North East)**
Tel: 0191 245 7311
www.refugee.org.uk

**Refugee Action Head Office (East Midland, North West, South Central, South West)**
Tel: 020 7654 7700
www.refugee-action.org.uk

**Refugee Council Head Office (London, East of England, Yorkshire & Humberside, West Midlands)**
Free advice line: 0808 808 2255
Tel: 020 7346 6700
www.refugeecouncil.org.uk

**Scottish Refugee Council**
Tel: 0141 248 9799
Freephone: 0800 085 6087
www.scottishrefugeecouncil.org.uk

**Welsh Refugee Council**
Tel: 02920 489 800
www.welshrefugeecouncil.org